## ደምበር’ዶ ህዝበይ’ዩ፤

ንሰላሳ ዓመት ተቓልሹ ንሓርነት
ኣምሳይኡ ክድረቦ ካባ ናይ ባርነት
ወንጮ ኣይኮነን ዘማሙቕ ኣጋ ምሸት
ድርዒ ሓጺን’ዩ ዘይብል ፈልከት
መውጽኢ ዘይብሉ ብሞልጎም ዝዕገት
ኣላሽ ዘብል ንናይ ትማል ተባዓት

ጐዳጕድ ኣለዎም ብዙሕ ዝተፋሕረ
ዓጽሚ ዘይፍለዮም ከም ቶኹላ ዝገርገረ
መርዚ’ውን ዘይስኣኖም ዝመረረ ከም ዕረ
ዝቀናቐን ዝብልዎ ርኢትኡ ካባና ዝፍለ
ኣብኣ ይርሸን ባዕሉ ጕድጓድ እንዳፋሓረ
ገለ’ኽኣ እሓጊ ዕድል ዝገበረ
ምስቶም ኰሎም ባልዕ ጕራማለ
ካብኡ ወጽዩ ፈጺሙ ዘይልለ
ሞት ሽመት ዝረኽበሉ፡ ዝቕበል ብርለ
ቃንዛ’ሽኣ ኣባ-ጓይላ ወትሩ ተሓምበለ

ፍርሂ እባ’ሽኣ ኣላ ተቐቢላ ሽመት
ህዝቢ ክጠሚ ዘይትስእን ኰንታላት ዝሽመት
ማይ ሓውሻ ትሰቲ ንሓሞት
ጥይት ተኰሻ ተሻድን ስድራቤት
ኣብ ዓዲ ወጻኢ ሓጻር ወጽያ ኣብ ምድሪቤት
ንዓና ያኢ ክትኮነና እመቤት
ዓሚ፡ ቅድሚ ዓሚ ቢያ ዘልናያ እንዳበልና፤ ኣቤት፡ ኣቤት

ናይ ዓይኒ ምስክር ኣይ መርገም ኣይ ምርቓ
ጕዳም’ዩ ሓሙኹሽቲ ጽዒንካ ክትብል ኣለዋ ስንቃ
ንርእያ ኣለና ኤርትራ ኣብ ህልቂት ጠሊቓ
ብሞት ደቃ ዳግማይ ኣጥለቕሊቓ
ከም ጤለቤጹ በረኻ ብሃዳና ተጨኒቓ
ኣውሊዕና ቀምሲላ፡ ከይጨብጨበት ተባሕቊቛ
ህዝባ ሃሃዲሙ ዝወጸላ፡ ማዕጾ እንተረኣየ፡ ተፈንቂቓ
ምእታው መርገም ዝኾነሉ፡ ምውጻእ ግን ምርቓ

ኣለዋ’ውን ኣብ ዓዲ ጓና ኣእዳው ዘጣቓዓ
በጀካ ምሃብ ንኻልእ ዘይበቕዓ
ብምፍሕፋሕ ስሚንቶ ዓመታት ዝነቕዓ
ክልተ ግብሪ ክፈሉ እንዳበላ ለዋህ ዘጨንቓ
ኣብ ማሕፈዳ ጐይተኤን ዝኣትዋ እንዳተዋላኣ

ኣምሳይኡ ቶሾሽ-ቶሾሽ ኢለን ዝኣትዋ ኣብ ጁባ ሓለቓ
ኣእዳው መርገም ተባሂለን ብህዝብና ዝድነቓ
ሂወት ኣእላፋት መንእሰያት'ከኣ ድሮ ዘህለቓ

ሰለሙን ይከኣሎ